# ኤሪትራ ድሕሪ ምብርዓን እገዳ ናበይ ገጻ

(ኣብ ኣኼባ መኸተ ሽቱትጋርት ካብ ዝቐረበ ጽሑፍ)

ብዶ/ር  ኣማኑኤል ትኩእ

23 ታሕሳስ 2009 ባይቶ ጸጥታ፡ ብነድኢን ህንደሳን  ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ'ታ ንሰላምን ርግኣትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኩኒኡን እትሰርሕ ኤርትራ፥ ዓማጽን ዘይፍትሓውን ማዕቀብ 1907-2009 ከም ህያብ ልደት ውሳኔ ምሕላፉ ዘይርሳዕ እዩ። እዚ'ሽኣ ኣብቲ ግዜ እቲ ኾነ ኢሎም ውሳኔ ዘሕለፍዋ ሓደ ብገመድ ዝተሓንቐ ሰብ እታ ናይ መጨረሻ ጽዋ ናይ ሞት ምልክት ዓፍራ ኢያ ነይራ፣ እዚ ሽኣ ናይ ተስፋ ዝቆረጸ ኣካል ዝፍትና ፈተና ኢያ እሱ ሽኣ ሕዝብን መንግስትን ንምፍልላይ ዝተሃንደሰት ኢያ ነይራ። እዚ ቅሉዕ ሽጣራ ህዝቢ ኤርቲራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝነብር ዝዓለንዎ ከም ዝፈሸለን ከምዝበርዓነን መርኣይ ብፍልዩን ውዕውዑን ስሚዕት ብሰላማዊ ሰልፊ መልክዕ ኣብ ዝተፋላላይ ኩርንዓት ናይ ዓለም ህዝቢ መንግስቲ፣ መንግስቲውን ህዝቢ ሙኻኑ ኣመስኪሩ ዝሓሰብዎ ኩሉ ከኣ በርዒኑ ተሪፉ።

ኣብ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት ዝብል ናይ ዳእላ ቅጽል ስም ዝተጠመቓ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ ዓለማዊ ትካላት ገንዘብ ዝወሃበን ልቓሕ ክወጸኦ ኣብ ዘይክእላ ዕዳ ተሸኪመን ዝተለቀሔኦ ገንዘብ ዘይኮነስ ወለድ ናይቲ ዝትለቀሔኦ ወለድ ኣብ ክሽፍላሉ ኣብ ዘይክእላ ደረጃ ስለዝበጽሓ እቲ በተን ምዕብላት ሃገራት ኢለን ባዕለን ዝጽውዓ ዝወሃብ ምጽወታ ካብቲ ወለድ ብተዓጻጸፊ ከምዝውሕድ ብዙሕ መረዳእታት ኣሎ። ስለዚ በየናይ መገዲ ደኣ ኢየን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ ዓንኬል ድኽነትን: ሽግርን: ዓጸቦን ሕሰምን ክገላገላ ዝኽእላ። እዚ መስርሕን ኣካይዳን ምስ ካልኦት ዝግበር ቁጠባዊ ርክባት ኤሪትራ ኣብ ርትዓዊ ዝኾነ ሽርክነት እተመስረተ ስለዝጠለበት ዘይምዕሩይ ርክባትውን ስለዝበደሄት ስማ ክድውኑ ከጸልሙን  ዘይገበርዎን ዘይሰርሕዎን የለን እንተኾነ ኤሪትራ እንዳበርኸትን እንዳ ተኾለዔትን ትኸይድ ኣላ ናይ ኤሪትራ ቁጠባዊ መሪሕ ከኣ ካልኦት ሃገራርት ኣፍሪቃ ክመሃራሉ ጀሚረን ኣለዋ። እቲ ሓደ መኽንያት ንኤሪትራ ግዳይ ጸለመን ዝገበራ ነቲ ኹሉ ድሕሪ ባይታ ናይቲ ኩሉ ዋዕዋዕታን ሽርሕን ንእገዳ ዝዳረጋ እንኮ መኽንያት ሕርያ ፖለቲካውን ቁጠባውን ብዝቐድዋ መገዲ ርእሰይ ክመርሕ ኢለ ስለዝበለት ጥራይ እዩ ነይሩ።

 መለክዒ ዓወት ኤሪትራ ምዕራባውያን ብዝህንድስዎ ናይ መለክዒ ሚዛን ዝምዘን ዘይኮነስ ሕዝቢ ኤሪትራ ባዕሉ ምዕባሊኡን ግስጋሴኡን ኣብ ባይታ ባዕሉ እመዝኖ ስለዘሎ ዓቀንትን መዘንትን ኣየድልዮን ኢዩ ክንብሎም ንፈቱ:: መምዘኒናን መዕቀኒናን ከኣ ምስ ሕሉፍን ዘሎን ንመጽእን ዘገናዘበ መዔቀኒ ኣብ ግምት ዘእተወ  መዔቅንታት ስለዘሎና መዘንትን ነብያትን ናይ ቁጠባ ካብ ርሑቕ ኣብ ሎንደንን ዋሺንግቶን ዝርከብ ቤትጽሕፈቶም ኮይኖም ግነግሩናን ክሕቡርና ስለዘይንደሊ ኣይትድከሙ ንብሎም። እቲ ንኤሪትራ ዝተሓሰብ ሽርሕን ቶንከልን ከኣ ንዕኦምን ኾራኹሮምተገልቢጡ ይሕምሶምን ኣሎ። ኣብ ዓምድታት ሰንጠረጅ 1ይን 2ይን ተመልከት

ሓንደስቲ ማዕቀብ ዘለውዎ ናይ ኤኮኖምን ፖለቲካውን ቅልውላው ብሓጽሩ ከምዚ ይመስል;

▼ ኣብ ኤሜሪካ ጥፈሻ ናይ ዓበየቲ ናይ ገንዘብ ትካላትን ፋብሪካታትን ኣብ 2010 ብሳዕቤን ብልሽው ምምሕዳር መንግስቲ ኤሜሪካ ንፍሉያት ሰብ ረብሓ ዘገልግል ናይ ባንክታትን ዘይምዕሩይ ፖሊሲ ዝተኸሰተ ውድቀት ኤሜሪካ የቀላጥፎ ኣሎ

▼ ፕረዚደንት ኦባማ ብዝዓለኖን ዘበገሶን ዝባሃል መሕወይ (bail) ልዕሊ 700 ቢልዮን (700,000,000,000) ዶላር ሓገዝ ከም መሕወዩ ተባሂሉ ከም ተዋሂቡ እዚ'ኸኣ እንታይ ማለት እዩ ናይ ሕዝቢ ገንዘብ ኣውጺእካ ንወነንቲ ዓበይቲ ትካላት (ኮርፖሬሽን) ምሃብ ማለት ኢዩ ቅድሚ ሕጂ ተጣበቕቲ ናይ ነጻ ኤኮኖሚ ማለት ምዕራባውያን ድጎማ (Subsidy) ዘይቅቡል ምኻኑ ክምህሩን ክሰብኩን ከምዘይነበሩን ከምኡውን ናይ ዓለም ገንዘብ ትካላት ማለት ናይ ዓለም ባንክን (World Bank) ከምኡውን ዓለምለኻዊ ናይ ገንዘብ ትካል (International Monetary Funds) ብሕልፊ ነተን ኣብ ምልማዕ ዝርከባ ሃገራት ድጎማ ክግበር የብሉን ዝብላ ድጎማ ጌርክን ተባሂለን ዝኾነ ልቓሕ ወይ ሓግዝ ዝእግዳ ኤሜሪካ እዚ ኹሉ ገንዘብ ንሃብታማት ንሰብ ፍሉይ ረብሓ ገንዘብ ክዋሃብ ግን ዝኾነ ነገር ናይ ተቓውሞ ቃል ክሳብ ሕጂ ኣይተንብሃን እዚ ኸኣ እቲ ማንታ ዘይርትዓዊ መለኪዔን የነጽረልና።

▼ እቲ ዘገርም ግን፡ ሓለፍቲ ናይተን ትካላት ናይ ኤሜሪካ ንዝበዝሕ ካብ'ቲ ንመሕወዪ ተባሂሉ ዝተሰልዔ ገንዘብ-ህዝቢ ንሞቕ'ሽሽን ብዝተፋላለየ መገዲ ኣብ ውልቆም ኣውዒሎሞ ስለዚ እቲ ሓገዝ ኣብ ክንዲ ሕውየት ከኣ ዝበኣሰ ደግሲ ኮይኑዋ ኣሎ።

▼ ክሳብ የካቲ 16, 2011 (February 16, 2011) ጠቕላላ ናይ ህዝቢ ዕዳ (Total Public Debt) 14.14 ትሪልዮን (14,142,976,715,618.59) ዶላር እዚ ኸኣ 96.4% (96.4% of GDP) ናይ ጠቕላላ ዘቤታዊ ፍርያት ናይ ኤሜሪካ ማለት እዩ ነፈሲ ወከፍ ዕዳ ናይ ሓደ ኤሜሪካዊ ዜጋ $45,615.73

(14,142,976,715,618.59) / 310,045,819 * * = $45,615.73

▼ ባጤራ ኣሜሪካ ዋግኡ እንዳኣንቀልቀለ ዓለም ለኻዊነቱ ባጤራነቱ እንዳሃሰሰ ይኸይድ ኣሎ፣ኢራን ምስ ቻይና፣ ሩስያ ምስ ቻይና፣ ብናተን ባጤራ ንዝገብርኦ ናይ ንግዲ ክጥቀማ ኣብ ስምምዕ በጺሔን ካልኦት ሃገራት ኣዕራብ ውን ኦይሮ ናይ ዓለም ለኻዊ ሸቐጥ ናይ ምጥቃም ተርእዮታት ከርእያ ጀሚረን ኣለዋ።

▼ ዶላር ዘየታኣማምን ባጤራ እንዳኾነ እኸይድ ስለ ዘሎ ብዙሓት ሰብ ሃብቲ ገንዘቦም ብመልክዕ ወርቂ እቐምጡ ኣለው በዚ ምኽንያት ጠለብ ናይ ወርቂ እንዳ ዓበዬ ዋግኡ እንዳናሃረ እዩ።

▼ ከደምቲ ኤሜሪካ ዝኾና መንግስታት ከኣ ብማዕበል ሕዝቢ ኣብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ እድርበያ ኣለው ኤሜሪካ ዝረገጸቶ ባይታ ይሃማ ኣሎ እዚ ከኣ ኣብ ግብጺ፣ ቱኒዝያ፣ ባህሬን፣ሊብያ፣ የመን ወዘተ ዝረኤ ዘሎ ህልው ምስክር እንዳራጋገጸልና ኢዩ፣ ጊዜ ይንዋሕ ወይ ይሕጸር ናይ ኣንግሎ ኤሜሪካ ኢምፕሪያሊስት በዚ ዝኸዶ ዘሎ መገዲ ክቕጽል ከም ዘይክእል ግን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

* * Public Debt/ Total Population; (ጠቕላላ ዕዳ ዝተመቕለ ንጠቕላላ ሕዝቢ)

ትንበያ ናይ 2011 ከም ዘመልክቶ ከኣ ብኤሜሪካ ዝምረሓ ምዕራባውያን ሃገራት ቅጠበኤን እንዳዛሕተለን እንዳወድቖን ከም ዝኸይድ ተሓቢሩ ኣሎ ስለዚ ኣብ 2011 ዓለምና ናይ ማሕበራውን ፖለቲካውን ቅልውላው ከምዝኸሰት ትጽቢታት ኣሎ ሓድሓደ ተርእዮታት ነዚ ዘረጋግጹ ከኣ ድሮ ኣብ ማእከላይ ምብራቅ ብሕልፊ ኣብ ሃገራት ኣዕራብ ክረኤ ጀሚሩ ኣሎ።

መሰረት ምዕባለ ሓደ ሃገር ኣብ ብትምህርቲ ዝተዓጥቀ ሕዝቢ ኢዩ ስለዚ ኣብ ኤሪትራ ህንጻት ናይ ትምህርቲ ካብ መዋዕለ ሕጻናት ክሳብ እቲ ዝለዓለ ናይ ላዕለዋይ ናይ ትምህርቲ ትካላት ተሃኒጾም ይርከቡ። *(ብጥቢቆ ተታሒዙ ዘሎ ሰንጠረጅ ኣሃዛት ካብ 3 -5 ዘሎ ተወከስ)።*

ብትምህርቲ ዝተዓጥቀ ሕዝቢ ኣብ ኩሉ መዳያት ማለት ሮቓሒታት ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ ንኸረጋግጽ ኣይጽግምን እዩ። ስለዚ እቲ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዝረኤ ዘሎ ዕብየት ኣብ መዳይ ጥዕና ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ ስለዚ ቤት ትምህርቲ ከም ደጋፊ ናይ ጥዕና ትካል ክውሰድ ይከኣል። ጥዕና ሕዝቢ ንምውሓስ መንግስቲ ኤሪትራ ዓቕሙ ብዝፈቐዶ ዓቢ ወፍሪ ኣብ መዳይ ጥዕና ዝገበሮ ብናይ ዓለም ለኻዊ ትካል ጥዕና ኣብ ዝገብሮ ዓመታዊ ጸብጻብ ኩሉ ዝምስክርዎ እዩ እዚ ኸኣ ናይ ሕቡራት መንግስታት ሚለንዩም ዕላማ (United Nations **Millennium** Development **Goals**) ከማልኣ ብቐዳማይ ደረጃ ካብ ኣርባዕተ ሃገራት ኣፍሪቃ ትጽቢት ዝግበረለን ሃገራት ኤሪትራ ብመጀመሪያ ተሰሪዓ ትርከብ። *(ኣብ ጥቢቆ ተታሒዙ ዘሎ ሰንጠርጅ ካብ ሰ-6-7, ከምኡውን ሰ-11 ተወከስ)።*

ብተወሳኺ ምምሕያሽ ናይ ማሕበርዊ ፍትሒ ብሕልፊ ኣብ መዳይ ጥዕና ሓደ መልክዒ ትፅቢት ዕድመ ናይ ዜጋታት እዩ ኤሪትራ ኣብ 1993 ዓ.ም. 47 ዝነበረ ኣብ 2010 ናብ 65 ዓመት ከምዝዓበየ ብዓለም ለኻዊ ናይ ጥዕና ትካል ጸብጻብ ሂብሉ። ኤሪትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ትፅቢት ዝለዓለ ዕድመ ናይ ዜጋታት ዘለዋ ሃገር ኮይና ብቐዳማይ ተሰሪዓ ትርከብ *(ኣብ ሰንጠረጅ ጥቢቆ 8-9 ተመልከት።)*

ኣብ ኩሉ መዳይ ዝተመዝገበ ዓወታት ኣብ ዝበረኸ ጠርዚ በጺሑ ኤሪትራ ኸኣ ፍረ ጻዕራ ጻምኣ ኣብ ተርኸበሉ *(ጥቢቆ ሰ-10 ተመልከት)* መድረኽ ተበጺሑ ብፍረ ዓወትና ኩሉ ከይተዛናነና ንዝበርኸ ዘሎ ራኢ ክንስጉም በቲ ሓደ ወገን ከኣ ምስ ዕብየት ተጻባእትና ከም ዘይድቅሱልና ክንርስዕ የብልናን።

ዓወት ንሓፋሽ

Please Refer to the Annexed Tables and Graphs

# ኤሪትራ ድሕሪ ምብርዓን
# ብይን-እገዳ ናበይ ገጻ



በየንቲ እገዳ ከም ከልቢ ይነብሑ
ማይ ዓሚኾም ከኣ ይተርፉ



እቲ ገመል ግን ከም ወትሩ ይስጉም





## ሰ-1 ፍሉይ ተርእዮታት ኣብ ኤሜሪካ እታ ሃንዳሲት ዓማጽን ዘይፍትሓወ ማዕቀብ 1907-2009 ኣንጻር ኤሪትራ ዘወሰነት ዘጋጥማ ዘሎ ኤኮኖሚክያዊ ቁልውላው




- ጥፈሻ ናይ ዓበየቲ ናይ ገንዘብ ትካላትን ፋብሪካታትን ኣብ 2010 ብሳዕቤን ብልሸው ምምሕዳር መንግስቲ ኤሜሪካ ንፍሉያት ሰብ ረብሓ ዘገልግል ናይ ባንክታትን ዘይምዕሩይ ፖሊሲ ዝተኸሰተ
- ብተበግሶ ፕረዚደንት ኦባማ ልዕሊ 700 ቢልዮን (700,000,000,000) ዶላር ሓገዝ ከም መሕወዩ ተባሂሉ ከም ተዋሂቡ እዚ ኸኣ እንታይ ማለት እዩ ናይ ሕዝቢ ገንዝብ ኣውጺእካ ንወነንቲ ዓበይቲ ትካላት (ኮርፖሬሽን) ምሃብ ማለት ኢዩ
- እቲ ዘገርም ግን፡ ሓለፍቲ ናይተን ትካላት ንዝበዝሕ ካብ'ቲ ንመሕወዪ ተባሂሉ ዝተሰልዔ ገንዘብ-ህዝቢ ንሞቕሽሽ ኣውዒሎሞ ኣብ ክንዲ ሕውየት ከኣ ዝበኣሰ ደግሲ ኮይኑዋ ኣሎ።
- ክሳብ የካቲ 16 (February 16, 2011) ጠቕላላ ናይ ህዝቢ ዕዳ (Total Public Debt) 14.14 ትሪልዮን (14,142,976,715,618.59) ዶላር እዚ ኸኣ 96.4% (96.4% of GDP ናይ ጠቕላላ ዘቤታዊ ፍርያት ናይ ኤሜሪካ ማለት እዩ ነፈሲ ወከፍ ዕዳ ናይ ሓደ ኤሜሪካዊ ዜጋ **$45,615.73** . (14,142,976,715,618.59)/**310,045,819*** * = **$45,615.73**
- . ባጤራ ኣሜሪካ ዋግኡ እንዳኣንቆልቆለ ዓለም ለኻዊነቱ ባጤራነቱ እንዳሃሰሰ ይኸይድ ኣሎ፣ኢራን ምስ ቻይና፣ ሩስያ ምስ ቻይና፣ ካልኦት ሃገራት ኣዕራብ ውን ኦይሮ ናይ ዓለም ለኻዊ ሸቐጥ ናይ ምጥቅም ተርእዮታት ክ ጀሚሩም ኣለው።
- . ዶላር ዘየታኣማምን ባጤራ እንዳኾነ እኸይድ ስለ ዘሎ ብዙሃት ሰብ ሃብቲ ገንዘቦም ብመልክዕ ወርቂ እቐምጡ ኣለው በዚ ምኽንያት ጠለብ ናይ ወርቂ እንዳ ዓበዩ ዋግኡ እንዳናሃረ እዩ።
- ከደምቲ ኤሜሪካ ዝኾና መንግስታት ከኣ ብማዕበል ሕዝቢ ኣብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ እድርበያ ኣለው ኤሜሪካ ዝረገጸቶ ባይታ ይሃማ ኣሎ እዚ ከኣ ኣብ ግብጺ፣ ቱኒዝያ፣ ባህሬን፣ የመን ወዘተ



## ሰ-2 ኣብ 2011 ክርኣዩ ዝኽእሉ ናይ ኤኮኖሚ ተርእዮታት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም (Economist Intelligence Unit)




- ተርእዮ ናይ ዓለማዊ ድርብ ዓለምለኻዊ ናይ ኤኮኖሚ ውድቀት (recession)
- ምጽንቃቕ ዓቕምታት ናይ ብዙሓት ሃገራት ካብ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ዕዳኤን ናይ ምኽፋል ብሕልፊ ኣብ ኦይሮጳ ከም ኢርላንድ፣ ግሪኽ፣ ስፓንያ፣ ፖርቱጋል ወዘተ
- ጸቕጢ ናይ ዋሕዲ ገንዘብ ኣብ ኤኮኖሚ ናይ ብዙሓት ሃገራት እዚ ኸኣ ዋጋታት ክጎድሉ ወይ ውን ብዘለውዎ ናይ ምጽናሓ ተርእዮታት
- ገለ ኣብ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት ናይ (ኣሴት) ሃብቲ ናይ ምውሳኽ ተርእዮታት ከሪኤ ትጽቢት ኣሎ
- ኣብ ቡዙሓት ሃገራት ብሕልፊ ምስ ናይ ምዕራባውያን ኤኮኖሚ ርክብ ዘለዎን ማሕበራዊ ቅልውላው ክርኤ ዓቢ ትጽቢት ኣሎ እዚ ኸኣ ኣብ ቱንዝያ፣ ግብጺ፣ የመን፣ ባህሬን ኣልጀርያ ወዘተ (A U.S. investigative journalist, Wayne Madsen, tells RT TV that Meles Zenawi's regime in Ethiopia is in danger of falling.) ዋይነ ዋትሰን ዝተባህለ ናይ ስለላን ሓቤረታን ኣብ ዝሃቦ ኢንተርቪው ምስ RT TV ኣብ ዝገበቶ ፕራይም ሚንስተር መለስን ናይ ጅቡቲ ፕረሲደንት ጉሌድ ናይ ምውዳቕ ኤንጻላልዎም ከም ዘሎ ሓቢሩ



## ሰ-3 ብዝተፋላለየ ደረጃ መኣዲ ትምህርቲ ምሩቓት ካብ 1996 - 2003

| ዓመት | ዲግሪ | ዲፕሎማ | ሰርቲፊኬት | ድምር |
|---|---|---|---|---|
| 1996/7 | 2726 | 366 | 67 | 3159 |
| 1997/8 | 2664 | 372 | 60 | 3096 |
| 1998/9 | 3249 | 569 | 176 | 3994 |
| 1999/00 | 3593 | 417 | 125 | 4135 |
| 2000/01 | 4003 | 442 | 183 | 4628 |
| 2002/03 | 4814 | 589 | 531 | 5934 |



# ሰ-5 ትጽቢት ተሳታፍነት ናይ ተማሃሮ ክሳብ 12 ክፍሊን ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ (Teritiary Education)



| ናይ ትምህርቲ ዓመት | 12 ክፍሊ ዝወድኡ | ተማሃሮ ናይ 12 መልቀቒ መርመራ ዝሃለፉ | ላዕለዋይ ደረጃ ክ ኣትው ትጽቢት ዝግበረሎም |
|---|---|---|---|
| 2006/2007 | 21,700 | 5,400 | 16,700 |
| 2007/2008 | 22,600 | 8,700 | 21,400 |
| 2008/2009 | 24,900 | 9,000 | 25,300 |
| 2009/2010 | 27,900 | 10,000 | 28,800 |
| 2010/2011 | 31,400 | 11,200 | 32,400 |
| 2011/2012 | 35,600 | 12,600 | 36,400 |
| 2012/2013 | 40,400 | 14,200 | 41,100 |
| 2013/2014 | 45,200 | 16,200 | 46,400 |
| 2014/2015 | 49,900 | 18,100 | 52,400 |



## ሰ- 6 ኣብ መዳይ ጥዕና ድሕሪ ናጽነት ዝተገብረ ዕብየት

| | ትካል | ቁጽሪ | ዕብየት ብሚእታዊት | |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Hospital<br>ሆስፒታል | 13** | 56% | |
| 2 | Health Centres<br>ማእከል ጥዕና | 19 | 61% | |
| 3 | Health Stations<br>መደበር ክንክን ጥዕና | 112 | 156% | |



ሰ-8 ማእከላዊ ትጽቢት ዕድመ
ኣብ ኤሪትራ ካብ 1993 — 2010
Life of Expectancy of Eritrea
from 1993 -2010



# ሰ-9 ማእከላዊ ትጽቢት ዕድመ ሰብ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝርከባ ሃገራት (WHO, 2010)

| | ሃገር | ትጽቢት ዕድመ (ዓመት) |
|---|---|---|
| 1 | ኤሪትራ | 65 |
| 2 | ጂቡቲ | 59 |
| 3 | ኢትዮጵያ | 58 |
| 4 | ሱዳን | 57 |
| 5 | ኬንያ | 54 |
| 6 | ኡጋንዳ | 52 |

ሰ-10

# ትንበያ ዓለማዊ ዕብየት ኤኮኖሚ 2011
# Forcasted Economic Growth 2011






ማሕበራዊ ፍትሒ

ዕደና ናይ ኤኮኖሚ ድርኺት እምብር ንበይኑ ዕብየት ከምፅእ ኣይክእልን እዩ፣ ኤሪትራ ወርቃዊ ሕዝባ መሰረት ዕብየታ እዩ

*Source: Economic Intelligence Unit, 2011*



# ሰ-11 ሓቤረታ ደረጃ መነባብሮን ማሕበረዊ ፍትሕን ዘመልክቱ መዔቀንታት

## Indicators Showing The Impovement of The Quality of Life (Social Justice

| | ሓቤረታ Indicators | መዔቀኒ Quantification |
|---|---|---|
| 1 | ሞት ብመኽንያት ዓሶ<br>Mortality Due To Malaria | ብ 95% ወሪዱ<br>Declined by 95% |
| 2 | ንዓሶ ዝቃልዑ ሕሙማት ብሚእታዊት<br>Morbidity To Malaria | ብ 90% ወሪዱ<br>Declined by 90% |
| 3 | ሞት ኣዴታት ብወሊድ መኽንያት Mothers<br>Mortality Associated with Delivery | ብ 90% ወሪዱ<br>Declined by 90% |
| 4 | ሞት ዕሸላት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት<br>Child Mortaliy Under 5 Years of Age | ብ 85% ወሪዱ<br>Decreased by 85% |
| 5 | ሸፈና ኣገልግሎት ጽሩይ ማይ<br>Potable Water Services | 80% ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ኤሪትራ<br>80% of the Population |
| 6 | ሸፈና ኣገልግሎት ኤሌትሪክ (መብራህቲ)<br>Coverage of Electricity | 80 – 85% ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ኤሪትራ<br>80 -85% of the Population |

## ሰ-12 ኣብ ዝተፈላለዩ መደያት ዝተገብሩ ልምዓታዊ ስራሓት
(Development Activities Undertaken In Different Sectors of the Economy)

- ራሕያታት (Micordams)
- ሓጽብታት (Macrodams)
- መስኖኣዊ ሕርሻ (Furrow, Drip, Pivot Irrigation)
- ዛላታት ንዕቀባ ሓመድን ንመደብ ሕርሻ (Terracing, Soil conservation)
- ምግራብ ናይ ኣከባባዊ ክሊማ ምቕያር (Afforestation, Macro, & Microclimate)
- ምንጠራን ምድልዳል ናይ ሕርሻ ቦታታ Clearing and Leveling of Agricultural Lands
-
- ወፍሪ ኣብ ሃብቲ ዓሳ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ (ጃላቡ፣ መዝሓሊ ከምኡ ካልእ መሳለጥያታት) (Boats, Deep-freez Cooling Systems and Other Facilities That Can Promote Fisheries)
- ሕንጸት ድልድላትን መገድን (Construction of Dams and Highways)
- ወፍሪ ዕደና ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርንዓት ናይ ኤሪትራ (Exloration and Mining In Different Corners of Eritrea)

ሰ-13



ኣብ ልዕሊ ልሙዕን ብማዕድን ሃብታም ዝኾነ መሬት
ኮፍ ኢልካ ምልማን ዘሕንኽ ኢዩ

„ልመና ባህሊ ኤሪትራውያን ኣይኮነን“



ምዕራባውያን

ኤሪትራ



ማዕድን



ልሙዕ መሬት



Rank of Nations in US Assistance

| | Country | Amount of Money $ |
|---|---|---|
| 1 | Egypt | 1,558,000,000 |
| 2 | Kenya | 713,951,000 |
| 3 | Nigeria | 647,748,000 |
| 4 | South Africa | 586,350,000 |
| 5 | Ethiopia | 583,519,000 |
| 6 | Tanzania | 549,622,000 |
| 7 | Uganda | 480,302,000 |
| 8 | Sudan | 439,979,000 |
| 9 | Mozambique | 415,017,000 |
| 10 | Zambia | 408,760,000 |